# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.307 | ዓርቢ 23 ነሓሰ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
‘ማሳጅ’ - ኣብ ምህዳእ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ


ገጽ 3
ሳላ ‘ጥርሶ’


ገጽ 4
“ከም’ዚ ዝዓይነቱ መጽሓፍ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ...


ገጽ 5
ብልሒ ኣእምሮን ክእለት ምሕደራን


ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ይቕጽል



# ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሰልጠኖም 250 ኣባላቱ ኣመረቐ



ስእሊ - ፍያሜት ማሳፍን



ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሰልጠኖም 250 ኣባላቱ ትማሊ 22 ነሓሰ ኣመረቐ።

እቲ ስልጠና፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ሓምለ ኣብ ሰለስተ እብረ ዝተዋህበ ኮይኑ፡ ኣብ ምሕደራ ገንዘብን ፋይናንሳዊ ሰነዳትን፡ ሰክረታርያል ሳይንስን ምሕደራ ቤት-ጽሕፈትን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ምሕደራን መራሕነትን ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀሊታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ’ቲ ዓቕሚ ኣባላት ብምምዕባል ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ዝካየድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ዝተገዝበሉ ሞያዊ ብቕዓቶም ንምብራኽን ትካላዊ ኣሰራርሓ ንምሕያልን ብትግሃት ክሰርሑ ተላቢዩ።

ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ በረኸት ታደሰ ብወገኑ፡ እቲ ብማሰረት ውጥንን ቀዳምነታትን ምምሕዳር ዞባ ዝተወደበ ስልጠና፡ ብውሸጣዊ ዓቕሚ ዞባን ካብ ወጻኢ ብዝመጹ ዶ/ር ሃይለ ንጉሰን ከምእተኻየደ ገሊጹ።

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ስራሖም ዓቢ ሓላፍነት ዘሰክም፡ ኣብ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ድማ ኣገዳሲ ሓጋዚ ምዃኑ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ንኣሰልጠንትን ሰልጠንትን የቐንየልኩም ድሕሪ ምባል፡ ዓቕሚ ሰብኻ ከየሰልጠንካ ኣድማዒ ስራሕ ክትዓምም ስለዘይከኣል፡ ምምሕዳር ዞባ ዓቢ ኣተኩሮ ሂቡ ዝሰርሓሉ ምዃኑ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ባይታ ብግብራዊ ስራሕ ክንጸባረቑን ናብ ካልኦት ንምትሕልላፍ ክጽዕሩን ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣሰልጠንትን ሰልጠንትን ናይ ምስጋናን ምስክርነትን ወረቐት ተዓደለ።

## ዓሊግድር - ኣብ ጽርየት ኣከባቢ ዘተኰረ ማእቶታዊ ንጥፈታት ይካየድ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓሊግድር፡ ምስ ምእታው ክረምቲ ክኽሰት ዝኽእል ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፡ ኣብ ጽርየት ኣከባቢ ዘተኰረ ማእቶታዊ ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ።

ኣመሓዳሪት`ቲ ምምሕዳር ከባቢ ወ/ሮ ኣኸበረት የሴፍ ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እቲ ማእቶት - ጣንጡ ዝፈርያሉ ማይ ዝዕቆር ጉዳጉዲ ምድፋኑ ከምኡ’ውን ንመጓዓዝያ ኢጋርን ተሸከርከርትን ኣጺጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ ናይ ሓመድ ጽርግያታት ምድልዳል ከምዝጠቓልል ገሊጻ።

ኣብ’ቲ ስራሕ፡ መዓልታዊ ኣስታት 350 ዓቕሚ-ሰብን ኣስታት 300 ካሮሳታትን ይሳተፍ ከምዘሎ’ውን ሓቢራ።

ምስ ዘሎ ጥሉል ክረምቲ ተርእዮ ዓሶ ተቐላቒሉ ከምዘሎ ዝሓበረት ወ/ሮ ኣኸበረት፡ ነቲ ሕማም ንምቁጽጻር ህዝቢ ምስ ትካላት ጥዕና ብምትሕብባር ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ብግቡእ ከተግብር ተማሕጺና።

ነብርቲ ብወገኖም፡ ንኣድማዕነት`ቲ ስራሕ ሓገዝ ማሽነሪ ክግበረሎም ተላብዮም።

## ዓዲ-ፈለስቲ - ጸገም ዘስተ ማይ ፍታሕ ይረክብ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፈለስቲ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝነበረ ጸገም ዘስተ ማይ ፍታሕ ከምዝረኸበ፡ ነበርቲ ገሊጾም።

እቲ ኣብ ወርሒ ሰነ 2021 ብምትሕብባር መንግስትን ህዝብን ዝተዋደደ፡ ንዓድታት ዓዲ-ፈለስቲ፡ ቤት-ገብርኤል፡ ኣንጸላን ዓዲ-ዕቑባትን ዘገልግል ፕሮጀክት፡ ክልተ ከዝንቲ ማይ ናይ 250 በርሜል፡ ክልተ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ፖምፓታት፡ 12 ሜትሮ ዕምቈት ዘለወን ክልተ ዒላታት፡ ኣስታት 800 ሜትሮ ሻምብቆታት፡ ከምኡ’ውን 9 ነቑጣታት ዕደላ ማይ የጠቓልል።

ኣቐዲሙ ከቢድ ጸገም ዘስተ ማይ ከምዝነበሮም ዝሓበሩ’ቶም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ድሕሪ ምውዳእ’ቲ ፕሮጀክት ግና ውሑስን ጽፉፍን ኣገልግሎት ይረኽቡ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምክንኻኑን ምዕቃቡን ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።


ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፈለስቲ፡ ካብ ደባርዋ 30 ኪ.ሜ ንሸነኽ ደቡብ ይርከብ።



ስእሊ - ፊልሞን መሓሪ

## ተጋዳላይ ኣሰፋው ሃብተስላሴ ተሰዊኡ

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ተኣላዪ ስንኩል - ገድም ተጋዳላይ ኣሰፋው ሃብተስላሴ ዑቕባሚካኤል፡ ብ21 ነሓሰ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ መስከረም 1974 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ኣሰፋው፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ካብ ተራ ክሳብ መራሕ ጋንታ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ገድም ተጋዳላይ ኣሰፋው ሃብተስላሴ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቂን እዩ።

ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 22 ነሓሰ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት እምባደርሆ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ገድም ተጋዳላይ ኣሰፋው ሃብተስላሴ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ‘ማሳጅ’ - ኣብ ምህዳእ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ

ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ፡ ኣብ ኣዋጽሕን ዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለታትን ልሙድ ተርእዮ እዩ። እዚ ጸገም’ዚ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት ክኸሰት ይኽእል። ዝኸፋ ክብደት ዘለዎ ነገር ተጠንቂቕካ ብዘይምልዓል ዝፍጠር ምጉዳዕ ዓንዲ ሕቖ፣ ኣብ ንጡፍ ምንቅስቓስ ዘይምህላው፣ መጉዳእቲ፣ ኮፍ ወይ ደው ኣብ እትብለሉ እዋን - ግቡእ ግዜን ኣቃውማን ዘይምሕላው፡ ገለ ካብቶም ጠንቅታት ኮይኖም ይጥቀሱ።

ብኣወራሉ ኣብ ሓኪም ቀሪብካ ዝወሃብ ፍወሳ፣ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡ ኣብ’ቲ ዝተሃሰየ ክፍሊ ዓንዲ ሕቖ ወዑይን ዝሑልን ኣገባብ ፍወሳ ምኽታል - ካብ’ቶም ኑቲ ኣብ ዓንዲ ሕቖ ኪጋጥም ዝኽእል ጸገማት ንምፍዋስ ዘገልግሉ ኣገባባት እዮም። ምድራዝ ኣካላት (ማሳጅ) እውን ሓደ ካብቲ ኣብ ዓንዲ ሕቖ ዘጋጥም ቃንዛ ንግዜኡ ንምህዳእ ዝሕግዝ ፍወሳ እዩ።

### መሰረታዊ ‘ማሳጅ’ ኣብ ዓንዲ ሕቖ

ኣብ ዓንዲ ሕቖ ንዘጋጥም ቃንዛ ንምህዳእ እንገብሮ ‘ማሳጅ’፡ ኣብቲ ኣካል ጸቕጢ ንኸይፈጥር ቅልል ዝበለ ቴክኒክ ክትክተል እዩ ዝግባእ። እትጥቀመሉ መሳርሒ ይኹን ፈሳሲ’ውን ፈኲሶን ቅልል ዝበለን ክኸውን ኣለዎ። እዚ፡ ኣብቲ ዓንዲ ሕቖ፡ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ቃንዛ ዘለዎ ክፍሊ ተወሳኺ ሃሰያን ዘይምቁጽጻርን ንኸይትፈጥር ሓጊዚ እዩ።

### ብኸመይ ንገብሮ?

* እቲ ‘ማሳጅ’ ዘድልዮ ሰብ፡ ብኣፍ-ልቡ ኣብ ናይ ‘ማሳጅ’ ጣውላ ተገምቢቡ፡ ወይ ፍርናሽ ከም ዝድቅስ ትገብሮ። እቲ ምድራዝ ብቐጥታ ምስ ቀርበቱ ዝራኸብ ክኸውን ስለዘለዎ፡ እቲ ሰብ ጥርሑ ክኸውን ይግባእ።

* ኣብ ዓጽሚ ደረቱ መደገፊ መተርኣስ ግበረሉ። ግንባሩን ዓንኳር ዓንካሪቶ እግሩን ብጠዋዕ ብዝተዓሸለለ ሸጉማ/ ዝሖላ ኣደግፎ። ኣኢጋሩ ብጠዋዕ ክሽፈን የድሊ።

* ኣእዳውካ፡ ንመድረዚ ብጠቓርቦ ዘይቲ ብጠዋዕ ድሕሪ ምልካይ፡ እቲ ዘይቲ ናብ ኩሉ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ዓንዲ ሕቖኡ ቀስ ገይርካ ብምድራዝ ከም ዝጽሕ ግበር። ብድሕሪዚ ዝተፈላለዩ ኣገባባት እናተጠቐምካ ኑቲ ዓንዲ ሕቖ ብዙሕ



ጸቕጢ ከይገበርካ ክትደርዝ ይከኣል።

### ኣገባብ ምድራዝ ኣካላት

ዝተፈላለየ ዓይነት ‘ማሳጅ’ እዩ ዘሎ። ገሊኦም ኣብ ገዛኻ ባዕልኻ ክትገብሮም ዝከኣሉ እዮም። ገሊኦም ግና - ብክኢላታት ጥራይ እዮም ዝትግበሩ።

* ***ቃንዛ ንምህዳእ ተባሂሉ ዝግበር ‘ማሳጅ’ (Therapeutic massage)***፡ እዚ፡ ኑቲ ቃንዛ ዘለዎ ክፍሊ ሰብነት ጥራይ ተባሂሉ ዝግበር ‘ማሳጅ’ ኮይኑ፡ ፍኹስ ብዝበለ ኣገባብ ኣብ ገዛ ክትገብሮ ይከኣል እዩ። ግና፡ ካብ ክኢላታት ዝተወሰነ ምኽሪ ወይ ኣፍልጦ ክትረክብ ይግባእ። እንታይ ዓይነት መድረዚ ፈሳሲ ክትጥቀም ከም ዘለካ ሓጊዚ ስለዝኾነ።

* ***ናብ ቲሹታት ዘተኩረ ዓሚቝ ‘ማሳጅ’ (Deep tissue massage)***፡ እዚ ዓይነት ‘ማሳጅ’፡ ብክኢላታት እዩ ዝቕየድ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝወሃብ ‘ማሳጅ’ ናብ ውሽጢ ጭዋዳታትን ምስኡ ዝራኸቡ ቲሹታትን ክበጽሕ ስለዘለዎ፡ ተወሳኺ ሓይሊ እናገበርካ እዩ ዝቕየድ።

* ***ንስፖርተኛታት ዝወሃብ ‘ማሳጅ’ (Sports massage)***፡ እዚ፡ ብዙሕ ግዜ ንስፖርተኛታት ዝወሃብ ዓይነት ‘ማሳጅ’ ኮይኑ፡ መጉዳእቲ ከየጋጥሞም ኣቐዲሞም ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ ዝዝውተር። መጉዳእቲ ዘጋጠሞም ስፖርተኛታት፡ ብቕልጡፍ ናብ ስፖርት ክምለሱ ተባሂሉ’ውን ይወሃብ እዩ።

* ***ሺያትሱ ማሳጅ (Shiatsu massage)***፡ እዚ ዓይነት ‘ማሳጅ’ እዚ፡ ናይ ጃፓናውያን ዓይነት ኮይኑ፡ ኣብቲ ቃንዛ ዘለዎ ብረምታዊ ኣገባብ ጸቕጢ ከም ዝፍጠር ይገብር። በዚ ድማ፡ እቲ ኣካል ባዕሉ ንባዕሉ ክፍወስ/ክሓቓቓሕ ይሕግዝ።

ኣብ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ እንገብሮ ‘ማሳጅ’፦

=> ንሓጺር እዋን ቃንዛ ክህድእ ይኽእል።

=> ኣብቲ ከቢቢ ዘለዉ ጭዋዳታት ከም ዝፈታትሑን ከም ዝዘሩን ይገብር።

=> ዋሕዚ ደም የሐይል።

=> ብሰንኪ ቃንዛ ንዝፍጠር ጸቕጢ የጉድል።

ዓይነታት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ

ክልተ ዓይነታት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ኣለው። እቲ ቃንዛ ብዘለዎ ንውሓት ግዜን ብዝመጽኣሉ ምድግጋምን ይልለ።

ብርቱዕ ዝበሃል ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ (acute back pain)፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክሓሒል ዝኽእል እዩ። 90 ሚእታዊት ከም’ዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ እቲ ቃንዛ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ወይ ክልተ ሰሙን ክሃድኣሎም ይኽእል። እቲ ካልኣይ ዓይነት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ሕዱር ኮይኑ፡ ብተደጋጋሚ ዝመጽእ እዩ። እቲ ቃንዛ ንልዕሊ ሰሙን ክቕጽል’ውን ይኽእል እዩ።

ኣብ’ዞም ክልተ ዓይነት ጸገማት ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ፡ ኑቲ ዝፍጠር ቃንዛ ንምህዳእ ‘ማሳጅ’ ክትጥቀም ይከኣል እዩ። ብርቱዕ ዝበሃል ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ (acute back pain) እንተኾይኑ፡ እቲ ቃንዛ ንምህዳእ ዝግበር ‘ማሳጅ’ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

### መዓስ ናብ ክኢላ ‘ማሳጅ’ ትኸይድ?

ኣብ ገዛ ባዕልኻ እትገብሮ ‘ማሳጅ’፡ ኑቲ ዘሎካ ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ወጽኢታዊ ከይኮውን ይኽእል። ስለ’ዚ ናብ ክኢላ ‘ማሳጅ’ ክትከይድ ተመሪጹ እዩ። ኣብ’ዚ፡ ኣቐዲምካ ምስ ሓኪም ክትመያየጥ ይግባእ።

እቲ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ከቢድን ነዊሕ ዝቐጸለን ምስ ዝኸውን፡ ሓኪም ኑቲ ቃንዛ ንምህዳእ ዝሕግዝ - ኣብ ኩነታት ኣካብራ ዘተኮረ ፍወሳ ክገብረልካ ይኽእል እዩ። ገለ ካብ’ቶም ብሓኪም ክወሃቡኻ ዝኽእሉ ኣገባብ ፍወሳ፦

\+ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡

\+ ኣካላዊ ፍወሳ፡

\+ ቃንዛ ንምህዳእ ዝሕግዙ መድሃኒታት ምውሳድ፡

\+ ብዙሕ ኮፍ ዘይምባል፡

\+ ፍኹስ ዝበለ ምውስዋስ ኣካላት ከም እተካይድ ምግባር ክጥቀሱ ይከኣሉ።

**ምንጪ፦ health line**

ዜና

## ገለብ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምስጋና እንግዶት ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ፡ ኣብ ምህናጽ ዲጋታት ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - ኣባላት ክፍሉ ሰራዊት 37፡ ብ4 ነሓሰ ናይ ምስጋና እንግዶት ተገይሩ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሮራ ኣብ ዝተገብረ ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን መደብ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገለብ ኣቶ ዐሶማን ኣደም፡ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዝቐየድ ዘሎ ህንጻት ዲጋታት ኣድማዒ ወጽኢት ደርቦ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ንክፍሊሰራዊት 37ን ምዕራብዊ እዚን ስለ’ቲ ዝገበርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣዛዚ ክፍሊሰራዊት 37 ኮሎኔል ገብርኤል ወልደሰላሴ ብወገኑ፡ ንዝተገብረሎም እንግዶት ድሕሪ ምምስጋን፡ ሰራዊት ምስ ህዝቢ ተወሃሂዱ ዘካይዶ ዘሎ ስራሓት፡ ብዝለዓለ ክቕጽል ዘለዎ - ሓደ ካብ ክብሪታት ሕብረተሰብናን ሓርነታዊ ቃልስናን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ህዝቢ ንደቁ ዝገብሮ ምትብባዕ ብዝለዓለ ክቕጽሎ ቡቲ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ፡ ኣብ መራትን መዛብጥን ዲጋታት ይህነጽ ከምዘሎ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

## ቤት-ትምህርቲ ደቀጹንዓ፡ ናይ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ረኺባ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ እትርከብ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደቀጹንዓ፡ 40 ሽሕ ናቕፋ ዝወድአ ናውቲ ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን 10 ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ተበርኪቱላ።

እቲ ብስድራቤት ነፍሲሄር ሰለሙን ብላታ ካሕሳይ ዝተበርከተ ንብረት፡ ኩበሓ፡ ሰድያታት፡ ጣዋላታን ካልእን የጠቓልል።

ርእሰ-መምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ተስፋልደት ሃይለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንኣገዳስነት ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ’ቲ ከባቢ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓገዝ ኣብ ምሕያል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣስተዋጽኦ ከምዘህልዎ ገሊጹ።

ካብ ኮሚተ ቤት-ትምህርቲ ኮሎኔል ዘወንጌል ናላዊ ብወገኑ፡ ስለ’ቲ ዝተገብረ ሓገዝ ምስጋና ብምቕራብ፡ ኣብ መጻኢ ጽግና መናድቕ፡ መሳኸቲ፡ መጻጹን ቀጽሪን ንምስልሳል መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ መምህር ዘሙይ መንግስትኣብ ድማ፡ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ብበርቲ ሰናይ ዝተወሰደ ተበግሶ ብካልኦት’ውን ክስዓብ ኣዘኻኺሩ።

መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ደቀጹንዓ፡ ካብ ድባርዋ 20 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ደቡብ እትርከብ ኮይና፡ ንዓድታት ደቀጹንዓ፡ ጨዓት፡ ጸንዕዩ፡ ዓዲ-ብሊሕ፡ ዓዲ-ናህባይን ዓዲ-ሓርጎን ኣገልግሎት ትህብ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ማሕደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ሳላ ‘ጥርሶ’

2ይ ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ተጋዳላይ ገብረማስቀል ተኽልዝጊ ኣብ ቀዳማይ ዘይዕዉት ፈተነ ምድምሳስ ውቃው እዝ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ተወጊኡ ኣብ ውሽጢ መዓስከር ጸላኢ (ኣውገት) ከም ዝተረፈ፣ ንበሱ ምስ ፈለጠ ካብ ዝወደቐሉ ቦታ ክንቀሳቐስ ምስ ጀመረ'ውን ብጸላኢ ከም ዝተታሕዘ፣ ንዩም ዝሓዘዎ ወተሃደራት ብኣምሓርኛ መልሲ ምስ ሃቦም ካብናይ ከበቢ ኢትዮጵያ ከም ዝመጸአ ሓተቱዎ፡፡ “ካብ ፓፕሪል” ምስ በሎም ከኣ ሓቅኑ፡ ንምርግጋጽ ምስ ሓደ ኣብ ፓፕሪል ኣዲስኣበባ ዝነበር ዝበረ ሓለቓ ሚእቲ ኣራኸቡዎ፡፡ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ንገብረማስቀል ንምዝራ ክለልዮ'ኳ እንተዘይከኣለ፡ ገብረማስቀል ግን ጸቡቕ ገይሩ ኣለለዮ፡፡ ቦታ ቕድሚ ወተሃደር ምኻታቡ ዝጸዋዓሉ “ጥርሶ” ትብል ሳጓኡ ጸዊዑ ብቐለሉ ብዘራኸቦም ዝበረ ፍሓም ናይ ምርጋፍ ስራሕ ምስ ኣዘናግዖ ግን እቲ ሓለቓ ሚእቲ ብሸንበደ ማይ ከም ዝኸሰ ተረኽና ኒይርናን፡፡ መቕጸልታ ናቱ ድማ እንሆ፤

ነበሰይ ሓጺቡ፡ ጽሩይ ክዳን ኣልቢሱ ኣሐከመኒ፡፡ ኣካላተይ ማይ ወዲኡ ነቒጹ ስለ ዝጸንሐ፡ ኑቲ “””””””መቶ ኣለቃ”””””””” ዘቐረበለይ ክልተ ኮዝ ሻሒ ዕልው ኣበልኩዎ፡፡ መዝቢ'ውን ተመገብኩ፡፡ ዳርጋ እታ ቀዳመይቲ ዝተታሓዝኩላ መዓልትስ ብናቱ ምክትታል ኣብቲ መዓስከር ህይወት ሰኾዕኩ፡፡ ድሕሪ'ዚ መቶ ኣለቃ ጉዳይ ኣሰንዩ ናብ ጀነራል ሓሰን ብምቕራብ፡ “እዚ ሓወይ እዩ፡ ብዙሕ ፍቓዱ ናብ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣዱ ሂቡ ኣሎ” ክብል ኣረድኦ፡፡

ጀነራል ሓሰን'ውን ካብ ልቡ ክኸውን ካብ ክሳድ ንላዕሊ ኣይፈልጥኑ ግን ብፍሕሽው ገጽን ምዉቕ ኣቀባብላን ተቐበለኒ፡፡ መቶ ኣለቃ ናብቲ እዚ ግንባር ምስ ኣረከበ፡ “ኣስመራ ምስ በጽሕካ ኣብ ፖስት ኦፊስ ኣእቱዋ” ኢሉ ናብ ወለዱ ትለኣኽ ደብዳበ ሂቡ ተሰናበተኒ፡፡

ህንጻ ኣዛዚ ግንባር ጀነራል ሓሰን ዘይ ከምቶም ብኣጉዱ ዝተሰርሑ መዓስከራት፡ ፍሉይ ዝበለ ነበረ፡፡ ናብ ውሽጡ ምስ ኣተኹ፡ መናድቑ በለጭትን ንብረቱን ርእየ ኣብ ህንጻታት ኣስመራ ዘለኹ ኮይኑ ተሰመዓኒ፡፡ ጀነራል፡ ሽጋራ ክስሕብ ኢሉ ምስ ሓሰበ ኣቐዲሙ ጉዳይ ኣንገደኒ፡፡ ኣነ'ውን፡ “ከም ዝውለፍ ደኣ መን ነገረለይ?” እናበልኩ ብውሽጠይ ኣመስገንኩ፡፡

“ናይ መዓስ ተጋዳላይ ኢኻ?” ክብል ናይ መጀመርታ ሕቶ ከቕርበለይ ከሎ ጀነራል፡ ከም ዋዛ እዩ ደርብዩለይ፡፡ ንስለ ዕላል ዝሓተተኒ ኮይኑ እናተሰመዓኒ፤ “ናይ 1980 እየ” በልኩዎ፡፡

“በየን ኣቢልካ ናብኣቶም ተጻንበርካ?”

“ካብ ሱዳን፣ ንብረት ጸዓነ ተጋደልቲ ናብ ዝበሩዎ ከበቢ ምስ ኣተኹ ክምለስ ዕድል ኣይረኸብኩን፡፡”

ጀነራል ኑቲ ማይ ከኑ ኑቲ ሻሂ ተንሲኡ ባዕሉ ቀረበለይ፡፡ ቀጺሉ፡ ተሌፎን ክደውል ካብ ቅድመይ ግልል በሉ፡፡ ኣነ ኸኣ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ምስ ጀነራል ኮፍ ኢልናሉ ዝበርና ጣውላ፡ ኣብ መንደቕ ለጊቡ ዝበረ ወተሃደራዊ ካርታ ክምልከት ዕድል ረኸብኩ፡፡ ኣታሓሕዝ ደፋዓት ተጋደልትን ሰራዊት ኢትዮጵያን ከም'ኡ'ውን ኑቲ ኣሶማትን ቅርጺ መሬትን ደጀንን ተጋደልቲ ብዝርዝርን ብንጹርን ኣመልኪቱሉ ረኣኹዎ፡፡ ጸላኢ ማዕረ ክንዳኡ ገይሩ ይፈልጠና እዩ ኢለ ክኖዕምት ስለ ዘይጸናሕኩ ተገረምኩ፡፡ ኣሰር ርጋጽ መካይንና ብፈርቲ ከይርኢ ጨንገፍ እናጉተትና ከመሳሰል ዘሕለፍናዮ ግዜ ከም ትሑት ኣስተዋጽኦ ዝበሮ ስራሕ ገይረ ጽብጽብኩዎ፡፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ምስጢራት ኣዋቒቖም ዝጨበጡዎን እናፈለጡና ግዜ ዝጸበዩልና ዝበሩን ኮይኑ ተሰምዓኒ፡፡

ክልተ መዓልቲ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት እዚ ጸናሕኩ፡፡ ኣብ ገድላዊ ህይወተይ ርእየዮ ዘይፈልጥ መግቢን መዕረፊን ተኣንገደ፣ ጀነራል ሓሰን ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ጸዊዑ ሓቲቱኒ ነይሩ፡፡ ገለ ካብቲ ሕቶታቱን መልሰታተይን፤

“ፈተነ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ንምንታይ ዕላማ ነይሩ?”

“ያኢ ንሰራዊትኩም ክድምስሶ እዩ ሓሲቡ፡፡”

“ምስ'ዚ ኩሉ ዝረኣኻዮ ኣጸዋርን ኣፈርትናን ንክድምስሰና ክበሎ ከሎ ሻዕብያ እንታይ ስለዘኣመነ እዩ?”

“ካብ ሰራዊትኩም ንዘዋግረሽን ቀንጣጢ ኣጸዋር ኣሚኑ እንዳኣሉ ክኸውን ዝኽእል፡፡”

“ስንቂ'ኸ ካበይ ይረክብ?”

“ኣብ ልዕሊ ሰራዊትኩም ብቓጻ ካብ ዘካይዶ ናይ መዓስከራት መጥቃዕቲ ዝረኽቦ እንተዘይ ኮይኑ ኻልእ ካብዚ ይረክበ'ዩ ትብሎ ዝኾነቦ ኣብኡ የብለይን፡፡”

ጀነራል፡ ሕቶ ኣቋሪጹ ንቕሩብ ካልኢታት ጠመተኒ'ሞ፡ “እሞ... ምስ ውጨ'ዶ ከራኽበካ?” በለኒ፡፡ ውጨ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣዛዚ ብርጌድና እዩ ነይሩ፡፡ መጀመርታ ብኣካል ከራኽበካ ዝበሎ ዘሎ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ፡ ሰንበድ ኢለ ጠመትኩዎ፡፡ ብረደየ ከራኽበካ ማለቱ ምዃኑ ምስ ተረዳእኩ ግን፤ “ጉዳይ ዝመጸእኩ ውጨ ደኣ እንታይ ክረኽበሉ” ኢለ መለስኩሉ፡፡ ጀነራል ሓሰን ስሒቑኒ፡፡ ቀጺሉ ሽጋራኡ ክውልዕ እናተቐራረበ፡ “ናይ መዓስ ተጋዳላይ ኢኻ'ኸ?” ክብል ደጊሙ ሓተተኒ፡፡ ሕጂ ግን ገረመኒ፣ ብሓቂ ደኸሞ'ዩ ኑቲ ኣቐዲመ ዝሃብኩዎ መልሲ ረሲዑዎ? ኢለ እናሓሰብኩ፡ “ናይ 1980 ተጋዳላይ እየ” መለስኩ፡፡

“ድሓን፡ ተኽለይ ዓደን ከኣ ይፈልጠኩም እንደዩ፡ ንሱ ከረጋግጸልና እዩ” ኸኣ በለኒ ፍሽኽታ ኣሰንዩ፡፡ ሽዑ ኣነ፡ “ወይለይ'ዚ ሰብኣይ፡ ይምርምረኒ'ባ እዩ ዘሎ!” በልኩ ብውሽጠይ፡፡ ክሳብ ሽዑ ጀነራል ካብይ ሓበሬታ ክረክብ ህንጡይነት ዝበሮ ኮይኑ ክስመዓኒ ኣይጸንሐን፡፡ በዚ ድሕሪ ንተኽለይ ዓደን ጠቒሱ ዝተዛረባ ዘረባ እዩ ብዕቱብ ይሕተት ከም ዝበርኩ ክስወጠኒ ዝጀመረ፡፡

ተኽለይ ዓደን ሓደ ካብ ላዕለዎት መራሕቲታትን ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ህዝባዊ ግንባር ዝበረ ኾይኑ፡ ንውድብን ህዝብን ከዲዑ ናብ ጸላኢ ኢዱ ዝሃበ እዩ፡፡ ንጸላኢ ክቡድ ውድባዊ ሓበሬታ ብምሃብ ድማ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ብፈርቲ ከም ዝጥቃዕ፣ ንምሩኻት ተጋደልቲ ወፋያትን ሓፋሽ ውድባትን ምስጠራቶም ብምቅላዕ ሃሰያ ዘውረደ ወዶ-ገብ እዩ፡፡

እቲ ጀነራል ስም ናይቲ ኸዓዕ ምስ ረቕሐ ድማ ብጣዕሚ ዘይርእ ሰንባደ ሰኸክ ኣበለኒ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣነ ኣብ 1980 ዘይኮንኩ፡ ኣብ ለካቲት 1975 እየ ናብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝተሰለፍኩ፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ተመርዕየስ ደሮ'ኳ ሓንቲ ቖልዓ ወለደና ነበርና፡፡ ሰራሒይ ምምራሕ መኪና ስለ ዝበረ'ውን ድሓን ዝኾነ ኣታዊ ነይሩኒ እዩ፡፡ ኣብ ምጅማር 1975 ኣብ ኣስመራ ብዘጀመረ ሃደን ወተሃደራት ደርግ ኣንጻር መንእሰያት ኤርትራ ግን ስራሐይ ኣቋሪጸዮ፡፡

እዘከረኒ፡ ኣብ ሰምበል ንዝበረት ሓትናይ ትብጽሓኒ ርእየያ ናብ ካምፖቦሎ እናተመለስኩ፡ ጦር ሰራዊት ካብ መካይኖም ወሪዶም መሬት ዝርእ በሉዋ'ሞ፡ “ቁም!” በሉኒ፡፡ ሽዑ፡ ኢጋጣሚ ኾይኑ ኣብታ መጸዐ ኣውቶብስ በጺሐ ነበርኩ፡፡ “ደው በል!” ክብሉኒን ናይ እንዳ ሓረጕት ኣውቶብስ ኣብ ቅድመይ ደው ኢላ ማዕጾኣ ክፍት ከተብለን ሓንቲ ኾነት፡፡ ሽዓ ካብታ ሓደጋ ምስ ደሓንኩ ንጽባሒታ ንግሆ ንኣስመራ ከብ ደርብዮላ ናብ ዓድና - ኣውለዕ ጸሩ - ኣተኹ፡፡ ዓድና ተሓኤ'ኳ እንተዝበሩዎ፡ ግን ንዓላ ወሪደ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት እየ ዝተጸንበርኩ፡፡ ብድርፎን ባሕሪራን ኣቢለ ናብ ብሊቓት ኣተኹ፡፡ ኣብኡ ድሕሪ ምዕላመይ ድማ ናብ ቦጦሎኒ-9 ተመደብኩ፡፡ ተኽለይ ዓደን ድማ ኣብ ቦጦሎኒ-9 ከለኹ ብውልቂ ይፈልጠኒ ስለ ዝበረ፡ ታሪኸይ ከምቲ ንጀነራል ሓሰን ዝሓበርኩዎ ዘይ ምዃነይ ክቕልዓሉ እዩ፡፡

ካብኡ ሓሊፉ፡ ኢደይ ንጸላኢ ብድሌት ሂበን ኣይሃበን'ውን ክኖዕምተኒ ይኽእል እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ጀነራል ምስኡ ከራኽበና ምዃኑ ምስ ጠቐሰ ኣዝዩ ሰጋእኩ፡፡ ጀነራል ሓሰን ሓበሬታ ክብርብር ህርድግ ይብል ምንባሩ ምስ ተገንዘብኩ ኸኣ፡ “ለካ... ! ገሬ ደኣ መን ኴንካ ኢኻ ጀነራል ዝኣክል ማይን ሽጋራን ክለኣኸካ!” እውን በልኩ ብውሽጠይ፡፡

ድሕሪ'ዚ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት እዚ ወጻእኩ፡፡ ጀነራል፡ “እዚ ሰብ'ዚ ብድሌቱ ኢዱ ዝሃበ ኣይኮነን፡ ብጥንቃቐ ትሕዙዎ!” ኢሉ ኑዩም ጉዳይ ዝተረከቡዎ መኮንናት ብትረር ክሕዙኒ ሓበሮም፡፡ ንሶም ከኣ ናብቲ ምሩኻት ተጋደልትን ወዶ-ገባትን ዝበሩሉ ቦታ ወሰዱኒ፡፡ ኣብኡ ድማ 15 ምሩኻት ደቂ'ንስትዮ ተጋደልቲ ናይ ብርጌድ 23 ጸንሓኒ፡፡ መብዛሕትአን ኣብ መሓውራተን ዝተወቕዓ ውግኣት መንእሰያት እየን፡፡ ሕማቕ ትርኢት እዩ ነይሩወን፡፡ ክዳውንተን ብደም ጨቕዩ፣ ብደርና ተደፍዲፈንን ኣራእሰን ተበናጨሩን ነበራ፡፡ እቶም ኣብ ምድብ ወዶ-ገብ ዝተተሓዝና ተጋደልቲ ነበር ከኣ ንኸሳተን ሓጺብና ሓከምናየን፡፡ እንተኾነ ኑቲ ዝበርናለን ጽሬት ከስተማቕራኦ ዕድል ኣይረኸባን፡፡ ኣብ ሓንቲ ዘሊ ኣሳፈርም ካብ ዝበርናዮ ናብ ሓንቲ ሰንጬሮ ወሰዶም ሽዑ መዓልቲ ረሸኑወን፡፡ ንዕኣተን ንምቕታል ናይ ጸላኢ ተኸሲ ድሕሪ ምስማዕና፡ እቶም ኣብ ከበቢና ዝበሩ ወተሃደራት፤ “23ኛ ብርጌድ፡ እንኳን መረሸን ከተቓለ ሲጋውን መብላት ኣለቡት! (ንተጋደልቲ ናይ መበል 23 ብርጌድ፡ ኣይኮነን ምርሻን ስጋኡ'ውን ከይተረፈ ክብላዕ ኣለዎ!) ክብሉ ሰሚዕናዮም፡፡

ብጾትና ድሕሪ ምርሻነን ዝተሰምዓኒ ናይ ሓዘን ቃንዛ መለክዒ የብለይን፡፡ ኣነ ከም ምሩኽ እንተዘተሓዝ ነይረ'ውን፡ ዕጫይ ከም ብጾተይ ምርሻን ከም ዝበረ ኣጸቢቐ ኣረጋገጽኩ፡፡ በዚ ምኽንያት፡ መቶ ኣለቃ ጥርሶ ኣብይ ዝገበሮ ሓገዝን ኣስተዋጽኦን ደምቀቱ መለሱ ክንዲ እንባ ኀሊሑ ተራእየኒ፡፡ በቲ መጀመርታ እቶም ወተሃደራት ክረኽቡኒ ኸለዉ ዝበረኒ ትርኢት መሰረት፡ ጉዳይ ኢዱ ሂቡ ኢሎም ክኣምኑን ክቕበሉኒን ዘይሕሰብ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ማህረምተይ ከይተሓከመ፡ ንገጸይን ክዳነይን ምስ ዘጠልቀዮ ፍሳስ ደመይ እዮም ረኺቦምኒ፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ኣብቲ ውግእ ተወቒዐ ሰኣን ኣኻእሎይ ካብ ብጾተይ ዝተረፍኩ ምዃነይ ከኣታተይ ርእሱግልጹ'ዩ ዝበረ፡፡ ሳላ ነገራት ከይተበላሸወ ንመቶ ኣለቃ ጥርሶ ዝረኸብኩ ግን፡ ኣካላተይን ክዳውንተይ ኣጸርዩን ሓኺሚኑን ሰብ ኣምሲሉ ናብ ዝምልከቶም መኮንናት ኣቕረበኒ፡፡ ድሕሪ ምርሻን ብጾትና ንድሕሪት ተመሊሰ ነዚ ዘከረ ምስ ኣሰላሰልኩ ድማ “ብሓቂ ዝበልዎ እንጀራ ኣሎኒ!” እናበልኩ ብውሽጠይ ኣስተንተንኩ፡፡

እተን ኣዋልድ ብጾትና ድሕሪ ምርሻነን ንሕና'ውን በተን ኑተን ዝተረሸና ተጋደልቲ ናብቲ ሰንጬሮ ዘበጽሓ ዘሊ ዝዓይነተን መካይን ተጻዒንና ናብ ማርሳ-ተኽላይ ከድና፡፡ ኣብኡ ሰንቂ ሰራዊት ተመላሊስ መርከብ ተጻጊዓ ስለ ዝጸንሓትና፡ ኣብኣ ተሳፈርና ወደብ ባጽዕ ኣቶና፡፡

ኣብ ሓደ ህንጻ ናይ ወደብ ባጽዕ ምስ ኣዕረፍና፡ ሓደ መኮንን ናባና መጺኡ፡ መዝገብ ሓዙ ስመይ ብምርቃሕ፡ “ኣየናይ እዩ?” ክብል ሓተተ፡፡ ንግዜኡ መልሲ ኣይረኸበን፡፡ ተጠማሚትና ትም በልና፡፡ ሰንባደይ ኣብ ውሽጠይ ገይረዮ ክሳብ ስመይ ደጊሙ ዝረቅሕ ትም በልኩ፡፡ ኣብ ኣውገት ካብ ምርሻን ምስ ተረፍኩ፡ ተዛዝዩ ጸኒሐ ነይረ እዩ፡፡ ሕጂ ግን ትእዛዝ ሓሰን ኣሕመድ ኣብ ቦትኣ ከም ዘላ ተገንዘብኩ፡፡

እቲ ካብ ማርሳ ተኽላይ ዝተረኸብና ወተሃደር ኣብ ጎድኒ'ቲ ዝሓትት ዝበረ መኮንን ቀሪቡ ከሎ ምስ ጀመረ ግን፡ ሓደ ካብዩም ወዶ-ገብ ናባይ እናኣመልከተ፡ “እዚ'ዩ እቲ ድሕሪ ውግእ ዝተሓወሰና” ክብል ሓበረ፡፡ እቲ መኮንን ካልኣዩን ኑቲ መዝገብ ገንጺሉም እናተመልከቱ ኣተኩሮም ጠመቱኒ፡፡ ኣብ ባጽዕ ከይሓደርኩ ከይወዓልኩ ኸኣ፡ ኣብ ሓንቲ ዓሩን ካብ ዝበሃላ ዕጽውቲ መኪና ኣሳፊሮም ናብ ቃኘው - ኣስመራ - በጽሑኒ፡፡

ኣብ ቃኘው ምስ ኣተኹ ቀጥታ ናብ መርማሪ ቀረብኩ፡፡ ተዳልየ ስለ ዝጸናሕኩ ኸኣ ኑቲ ዝቐረበለይ ሕቶታት በዓህኩዎ፡፡ ባዕለይ ንጦር ሰራዊት ኢደይ ከም ዝሃብኩ መረጋገጺ ከቕርብ ምስ ተሓተትኩ፡ ኑቲ ብጥርሶ ተጻሒፉ ኣብ ሰታሪት ዝተዓሸገ ደብዳበን ኣድራሻታቱን ተጠቐምኩሉ፡፡ “መዓስ? ኣበይ? ብኸመይ? መን ተቐቢሉካ? ... ዝብሉ ሕቶታት ብንጹር መልሲ ድሕሪ ምሃበይ መርማሪ ሰጋእ በለ፡፡ ኢጋጣሚ ኾይኑ ብጾትና ዳግማይ ኣብ ኣውገት መጥቃዕቲ ብምፍናው ውቃው እዝ ስለ ዝተደምሰሰ፡ ካብቲ ግንባር ዝተበታተኑ ወተሃደራት ሽዑ ኣብ ቃኘው መጺኦም ነይሮም እዮም፡፡ መርማሪ ኑቲ ዘቐረብኩዎ መርትዖ ቀልጢፉ ተመሳሲሉኑ ከረጋግጾ ስለ ዘኽኣለ ኸኣ፡ “ካብ ናትና ሰራዊት'ኳ ከምዚ ገይሩ ብንጹር መሳርዑ ክዮርር ዝኽእል የለን፣ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ እዚ ወዲ፤” ኢሉ ምስ'ቶም ናብ ተሃድሶ ዝተመርሑ ወዶ-ገብ ጸንቢሩ ናብ ወንጂ - ከበቢ ላጌቶ - ተላኣኸና፡፡

ይቕጽል

ምንጪ - ካብ ዛንታታት ተመክሮ
ገድሊ ቅጺ ቁ2
መጽሓፍ - መቕደሮ
ጸሓፊ - ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል
ኣዘንታዊ - ገብረማስቀል ተኽልዝጊ


ተጋደልቲ ህ.ግ. ኣብ ከበ. ኣልጌን እናመረሹ

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# ERITREA
## Specific Procurement Notice
## Request for Proposal [RFP] Services
### (One-Envelope Bidding Process)
## Ministry of Education

Name of Assignment: **Establish a Private International School in Eritrea**

RFP Reference No.: **GOE/PMU-MOE/S/001/2024**

Country: Asmara/ Eritrea

Date: August, 2024

1. The Ministry of Education (MOE) of the state of Eritrea is intending to establish a private international school that could possibly alleviate the aspirations of schooling of the children of diplomats, other foreigners who work in Eritrea and children of Eritreans from the Diaspora(in exile). The Client now invites proposals to provide the services (hereinafter called "Services"). More details on the Services are provided in the RFP document as well as the Terms of Reference.
2. This Request for Proposals (RFP) has been addressed to the following shortlisted Consultants: Not Applicable (open for all potential bidders)
3. It is not permissible to transfer this RFP to any other firm.
4. A firm will be selected under Full Technical Proposal (FTP) format as described in this RFP.

   1 – Request for Proposals Letter

   2 - Instructions to Consultants and Data Sheet

   3 - Technical Proposal (FTP) - Standard Forms

   4 - Financial Proposal - Standard Forms

   5 - Terms of Reference

   6 – Contract Agreement
5. Please submit us your final (Tech. & financial) proposal by September 19, 2024 (10:00a.m local time at PMU-MoE conference room) in writing to:
   Project Management Unit of the Ministry of Education (PMU-MOE)

   Attention Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager PMU-MoE and/or
   Mr. Esayas Tesfai, Head of Procurement PMU-MoE

   Street Address: Hday 748-1
   Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A", First Floor
   ZIP Code: 748-1
   City/Country: Asmara, Eritrea
   Telephone: 291-1- 151614/002917218050/002917267380
   Facsimile 291-1-152181,

   or by E-mail mgilagaber2019@gmail.com

   esumesgana4411@gmail.com
6. Details on the proposal's submission date, time and address are provided in Bid Data sheet and Section 2. Technical Proposal – Standard Forms 17.7 and 17.9.
7. Delay from the specified time will lead to rejection of the offer.
8. The RFP may be taken free of charge during office hours (from Monday-Friday)
9. The tentative commencement for established international school will be September 30,2024

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

መኣዛ ሃብቶም ተኽሉ፡ ብዓል ቤታይ ረድኢ. በራኺ. ወደኪዳን ስለዝዋረረ፡ ኣነ ኣመልካቲት ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን9/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኸሊፋ ዓሊ. ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፣ ኸሊፋ ዓሊ. ኣሕመዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደመቀሽ ጉብረጻድቕ ጉብረኪዳን፡ ብዓል ቤታይ ዘምሉ ሰመረ ኣምለከ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ኣመልካቲት ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኪዳነ ዓንደም ምባል ተሪፉ፣ የናስ ዓንደም የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ሰሳይት ተማስገን ወልዱ፡ ስም ኣደይ ሌታይ ዓንደብርሃን ምባል ተሪፉ፣ ለተሚካኤል ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

በየና ኪዳነ ወልደሚካኤል፡ ወደይ ሚከኤል ነጋሲ. ማተዎስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ ኣቶ ነጋሲ. ማተዎስ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ተስፋዝጊ. ጉብሩ፡ ብዓል ቤታይ ብርሃ ወልዳይ ቦኽራይ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበዕድ

ኣልጋሽ ፍራይ ሃይሉ፡ ብዓል ቤታይ ተኽሉብርሃን ጉብረመድህን ተኽለሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ርዞና ዋሂድ ኪዳ፡ ብዓል ቤታይ ፍስሃየ ኣረፋይነ ዘሙይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ይቕጽል

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል፡ ብኩዕሶ እግሪ መርበብን ቀጺሉ ምንባሩ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ ዘሎ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ፡ ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ዐብልን ብሪሻንን እዩ ኣራኺቡ። ኣብዚ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ፡ ዐብል እያ ኣብ መበል 59 ደቒቕ ብመንገዲ እታ ብዘዘሊ ሽቶታት ትመርሕ ዘላ ብስራት ክብሮም ሽቶ ኣመዝጊባ 1-0 ተዓዊታ።

ግጥም ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ መረብን ጸንዓትን ድማ ድሒሩ ተኻዪዱ። ጸንዓት፡ ኣብ ታሽዐይቲ ደቒቕ ካብ ሙኽታር ሓምድ ብዘመዝገበታ ሽቶ ብኢጋኡ 1-0



መራሒ፡ መረብ ከኣ ኣብ መበል 21 ደቒቕ ካብ ኣጥቃዓያ ሳምሶን ተኽስተ (ወዲ ጠሬ) እተመዝገርያ ሽቶ ረኺቡ፡ ኣብ መበል 36 ደቒቕ ድማ፡ ሓላዊ ልዳት ጸንዓት ናህም ቴድሮስ ኣብ ልዳቱ ኮይኑ ዝቐልዓ ኩዕሶ ኣብ ሰከዐት መረብ ብምዕራፉ 2-1 መራሒም ንዕረፍቲ ክወጽኡ ኣኽኢልዎም።

ካልኣይ እብረ ተወዲኡ ጸንዓት ተዓዊታ እናተባህለ ግና፡ መረብ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ካብ ዮናስ ገብረመስቀል ብልጽቲ ሽቶ ብምምዝጋብ 2-2 ክትወጽእ ክኢላ። ካልኣይ እግሪ ጸወታ እዞም ጋንታታት ሎሚ ዓርቢ 23 ነሓሰ ክካየድ እዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ብናይ ካልኣይ እግሪ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ቀጺሉ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ንሂሳል ብጽቡብ 3-02 ስዒራታ ዝነበረት ዛራ፡ ኣብ ካልኣይ እግሪ 2-00 ተሳዒራ። በዚ ከኣ ሂሳል ንዋንጫ ሓሊፋ። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሻምፕዮን እዚ ማእከል 2023 ከሎ፡ ንመረብ 3-02 ስዒራ ብናይ ነጥቢ ፍልልይ ናብ ዋንጫ ሰጊራ።

## ሮበርቶ፡ ናብ ኢጣልያ ኣቕኒዑ

ናይ ቀድም ተጻዋታይ ባርሴሎና - ሰርጂ ሮበርቶ፡ ናብ ሓዳሽ ክለብ ሰሪኣ ኢጣልያ ‘ኮሞ’ ክጽምበር ተሰማሚዑ።

ሮበርቶ፡ ኣብዛ ወርሒ ውዕሉ ድሕሪ ምብቃዑ፡ ካብታ ካብ ንእስነቱ ዝፈልጣን ን14 ዓመታት ከም ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ዘገልገሎ ባርሳ ከምዝተፋነወ ይዝከር። ምስ ባርሳ ከምዝተፈላለየ ዝፈለጣ ገለ ክለባት ፕሪመር ሊግ፡ ከምኡ’ውን ሆላንዳዊት ጋንታ ኣያክስን ኢጣልያዊት ክለብ ፊዮረንቲናን ከፈርምኦ ደልየን ነይረን።




ይኹን’ምበር፡ ናብ ሰሪኣ ብምቕናዕ፡ ምስ ኮሞ ክጽምበር ተሰማሚዑ ይርከብ። ብናይ ሓደ ዓመት ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዘለዎ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምኳኑ ድማ ይሕበር።

ድሕሪ 23 ዓመታት ናብ ሰሪኣ ተመሊሳ ዘላ ኮሞ፡ ብናይ ቀድም ተጻዋታይ ክለባት ባርሴሎና፡ ኣርሰናልን ቸልሲን - ሰስ ፋብሬጋዝ ትዕለም ኣላ። በዚ ከኣ ሮበርቶ፡ ኣብ ባርሳ ወዲ ጋንታኡ ምስ ዝነበረ ፋብሬጋዝ ዳግማይ ክጽምበር እዩ። ፋብሬጋዝ ነዚ ኣክፋፊሉ፡ ኣብ ምእማን ልዑል ተራ ከምዝጻወተ’ውን ይግለጽ።

እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ 10 ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣፈሪማ እያ። ካብኣቶም ድማ፡ ናይ ቀድም ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድን ማን ዩናይትድን - ራፋኤል ቫራን፡ ሓላዊ ልዳት ሊቨርፑልን ናፖሊን - ፒፒ ሬና፡ ኣጥቃዓይ ሮማ ዝነበረ ኣንድረያ በሎቲን ናይ ቀድም ተኸላኻሊ ሊቨርፑል - ኣልበርቶ ሞረኖን ዝኣመሰሉ ምስ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ዝጻወቱ ይርከብዎም።

## “ባየር ሙኒክ፡ ንደሊክት ብዘይድሌት ኣሰልጣኒኣ እያ ሸይጣቶ” *ምንጪታት*

ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒክ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ንማቲያስ ደሊክት ክሸጦ ድሌት ከምዘይነበሮን ኑቲ ናይ ምሻጥ ውሳነ ሰብኡልጣን እታ ጋንታ ከምዝሕለፍዎ፡ ጋዜጣ ዘ ኣትሌቲክ ሓቢሩ።

ሓዱሽ ዓሰሚ እዛ ጋንታ ዝኾነ ኮምፓኒ፡ ንደሊክት ቀዋሚ ተኸላኻላዩ ምኳኑ ብምሕባር፡ ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ ከምዝደልዮ ሓቢርዎም እዩ - ብመሰረት እዞም ምንጪ። ናይ ቀድም ዓሰሚ እዛ ጋንታ ቶማስ ቱቸል መዘኡቱ ድሕሪ ምሕዳጉ፡ ደሊክት፡ ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ ምኳኑ እውን’ዩ ዝገለጸ ነይሩ። ብዓቢኡ፡ ልዕሊ 70 ሽሕ ደገፍቲ እዛ ክለብ፡ ምስኡ’ም ክጸንሕ ከምዝደልይዎ ዝገልጽ ፊርማኦም ዘለዎ ደብዳበ ብምስናይ፡ ዊንታኦም ነጊሮም ነይሮም እዮም።

እንተኾነ፡ ቦርድ እዛ ጋንታ፡ ብዘዕባ መጻኢኡ ኣብ ዝነበርዎ ዝርርብ፡ ክወጽእ ከምዘወሰኑ ይግለጽ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ኣብ ድኽመት እግሪ (ብየማናይቲ እግሪ ዝጻወት ኮይኑ፡ ጸጋመይቲ እግሪ ከምድኽመት እያ ትሕሰብ) ዘለዎ ድኽም ናይ ምጽዋት ዓቕሚ ምኳኑ ይእመት።

በዚ ከኣ ዋላ’ኳ ኮምፓኒ ዝ. ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ክጸንሕ እንተደለየ፡ ቦርድ እዛ ክለብ ግና፡ ብኣንጻር ድሌት እዚ ዓሰሚ ከምዘሸጥዎ፡ እዚ ድሒሩ ዝወጸ ሓበሬታ የረድእ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት ሆላንዳዊ ዝሓለፈ ሰሙን ብልዕሊ 40 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ማን ዩናይትድ ምስግጋሩ ይዝከር። ኣብታ ንፋልሃም 1-0 ዝሰዓረላ ናይ’ዚ ወቕቲ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ’ውን ተቐዪሩ ብምእታው ቀዳመይቲ ጸወታኡ ኣካዪዱ። ወዲ ጋንታኡ ኖሳየር ማዝራዊ እውን፡ ምስኡ’ዩ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ተጸምቢሩ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታ ድማ ካብ ፈለማ ምስላፉ ይዝከር። እዞም ክልተ መንእሰያት ተኸላኸልቲ፡ ኣብ ሆላንዳዊት ክለብ ኣያክስ እንክለዉ፡ በዚ ሕጂ ኣብ ዩናይትድ ዝዕልሞም ዘሎ ኤሪክ ተን ሃግ እዮም ዝሰልጠኑ ነይሮም።



## ትሪፔር፡ ካብ ኒውካስል ክወጽእ ከምዝደሊ ሓቢሩ

ተኸላኻሊ ኒውካስል ኪራን ትሪፔር፡ ካብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ክወጽእ ከምዝደሊ ምሕባሩ፡ ጋዜጣ ደይሊ መይል ሓቢራ።

ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ዘይተሰለፈ ትሪፔር፡ ውዕሉ ክዛዘም ሓደ ዓመት ተሪፉዎ ኣሎ። ዋላ’ኳ ኣሰልጣኒኡ ኤዲ ሃው ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ ከምዝደልዮ እንተነገሮ፡ ንሱ ግና፡ ሓዱሽ ብድሆ ክፍትን ከምዝደሊ ብምግላጽ ክወጽእ ድሌቱ ምኳኑ ሓቢሩ ኣሎ።



ኣብዚ እዋን ኢታላንታን ጋላታሳራይን ኣብ ልዕሊ እዚ ወዲ 33 ዓመት እንግሊዛዊ ተጉዳስነት ኣርእየን ኣለዋ። ዌስት ሃም’ውን ሓንቲ ካብተን ደለይቱ እያ፣ እንተኾነ ንሱ ናብ ከተማ ለንደን ክግዕዝ ድሌቱ ኣይኮነን።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ የማናይ መስመር ምክልኻል ዋሕዲ ተጻወትቲ ኣጋጢምዋ ዘሎ ኤቨርተን፡ ንትሪፔር ንምፍራም፡ ምስ ጋንታኡ ዝርርብ ምኽያዳ ይግለጽ። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ትሪፔር፡ ናብ ሓዱሽ ብድሆ ዘፍትኖ ቀጺሊ ናይ ምስላፍ ዕድል ዝረኽበሉ ጋንታ ብልቓሕ ወይ ብቐዋሚ ክሰጋገር ተበጊሱ ኣሎ - ብመሰረት እዞም ምንጪ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ማን ዩናይትድ፡ ካብ ምጅማር እዛ ክረምቲ ኣትሒዛ ከተፈርሞ ከምእትደሊ ክግለጽ ንዝወርሐ ማኑኤል ኡጋርተ፡ ክትውድኣሉ ተቓሪባ ምህላዋ ተቓሊሑ።

እዛ ጋንታ፡ ፈለማ ብልቓሕ ድሒራ ከኣ ብቐዋሚ ከተፈርሞ ብዘገድድ ውዕል እያ ክትውድኣሉ ተቓሪባ ዘላ። ዩናይትድ፡ ኣብዚ መሰርሕ’ዚ 51 ሚልዮን ፓውንድ ከተውጽኣሉ ምኳኖ’ውን ይሕበር።

ኣብ ቅዱ ጸወታ ዓለሚ ፒኤስጂ ሉዊስ ኤንሪከ ቦታ ከምዘይብሉ ዝተገልጸ ኡጋርተ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ብኣስታት 60 ሚልዮን ዩሮ ካብ ስፖርቲንግ ሊዝበን ከምዘኾዓዘ ይዝከር።

* ቸልሲ፡ ንራሒም ስተርሊንግ ቁጽሪ 7 ማልያ መንጢሉ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታ ኣንጻር ማን ሲቲ ቁጽሪ 19 ለቢሱ ንዝነበረ ፐድሮ ኑቶ ሂባቶ።

ብዘይካ’ዚ፡ ንትረቮህ ቻሎባህ ቁጽሪ 14 መንጢሉ ንሓዲሽ ፈረሚ ጃኦ ፈሊክስ ሂባቶ ኣላ። ስተርሊንግን ቻሎባህን ኣብ መደብ ዓለሚ እዛ ጋንታ ኢንዞ ማረስካ ከምዘየለዉ ይሕበር።

* ሰብኡልጣን ናፖሊ፡ ኣብ ምፍራም ኣጥቃዓይ ቸልሲ ሮመሉ ሉካኩ ንምዝርራብ ናብ ከተማ ለንደን ከምዝኣተዉ ተሓቢሩ።

ሉካኩ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብልቓሕ ናብ ኢንተር ሚላንን ሮማን ብምኻዱ ከም ዝተጻወተ ይዝከር። ኢንዞ ማረስካ፡ ካብኡ’ም ክጥቀመሉም ዘይደሊ ተጻወትቲ ብምኳኑ ድማ ንኣልሳይ ተኸታታሊ ግዜኡ ናብ ኢጣልያ ክምለስን ምስ ናይ ቀድም ዓለሚኡ ኣንቶኒዮ ኮንተ ክጽምበርን ከምዝኽእል ይሕበር። ሓዲሽ ዓለሚ ናፖሊ - ኮንተ፡ ዝ. ኣብ ኢንተር ሚላን እንክሎ ዝዕልሞ ዝነበረ ዓርሞሽሽ ኣጥቃዓይ ብምምጻእ ኑቲ ክወጽእ ሃቂኡ ዘሎ ቪክቶር ኦሲመን ክሰዶ ከምዝደሊ ይግለጽ።

## ሮናልዶ፡ ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ሰይሩ



ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ትማሊ ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ዓለም ሰይሩ - ናይ ባዕሉ ናይ ዩትዩብ ቻነል ብቐደሚ ትማሊ ረቡዕ ድሕሪ ምኽፋቱ።

ሮናልዶ፡ ኣብ መላእ ዓለም ምስ ዘለዉ ደገፍቱ ብቐረባ ንምርኻብ ካብ ዝበሎ ሓሳብ እዩ ናቱ ቻነል ከፊቱ። እዛ ‘ዩኣር ክርስቲያኖ (UR Cristiano)’ ኢሉ ዝሰመያ ቻነል፡ ስርሓ ድሕሪ ምጅማራ ኣብ ውሽጢ 90 ደቃይቕ (ሓደ ሰዓትን ፈረቓን) ሓደ ሚልዮን ዓማዊል (Subscribers) ብምህራማ ከኣ፡ ብቕልጡፍ ክንደዚ ብዝሓሊ ዝተረመት ናይ ፈለማ ናይ ዩትዩብ ቻነል ተባሂላ ክብረ-ወሰን ሰይራ።

ዛጊት 19 ቪድዮታት ጸዒና ዘላ እዛ ቻነል፡ ኣብዚ እዋን ደርሆ ልዕሊ 15 ሚልዮን ዓማዊል (Subscribers) በጺሓ ኣላ። በዚ ከኣ ሮናልዶ፡ ኑቲ ኣብ ናይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ገዕዘኡ ቀንዲ መቐናቕንቱ ዝኾነ ሊዮኔል መሲ በሊጽዎ ኣሎ። ድሕሪ መስከረም 2021 ሓንቲ ቪድዮ ጥራይ ንቻነሉ ዝጸዓና መሲ፡ 2.2 ሚልዮን ዓማዊል ኣለዉዎ።

ብኣንጻሩ፡ ሮናልዶ ዋላ’ኳ ምስ ዘለዎ ህቡብነት ረኺብዎ ዘሎ ቁጽሪ ክወሰኽ ምኳኑ እንተተገመተ፡ ኑታ ዝበዝሐ ዓማዊል ዘለዋ ናይ ዩትዩብ ቻነል ከርክብ ግና፡ ኣዝዩ ነዊሕ ጉዕዞ ይጸንሖ። ሚስተር በስት (Mr. Beast) እትብል ቻነል፡ ብ311 ሚልዮን ዓማዊል ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

እዚ ድንቂ ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ ንፈለማ ግዜ ኣይኮነን ክብረ-ወሰን ዝሓዘ ዘሎ። ኣብ ፈይስ በቕ 170 ሚልዮን ሰዓብቲ፡ ኣብ ትዊተር (ሕጂ X ዝበሃል ዘሎ) 112.6 ሚልዮን ሰዓብቲ፡ ኣብ ኢንስታግራም ከኣ 636 ሚልዮን ሰዓብቲ ኣለዉዎ። ሮናልዶ፡ ኣብዛ ናይ ዩትዩብ ቻነሉ ህቡባት ሰባት ክዕድምን ካልኦት ኣገደስቲ መደባት ከቕርብን ከምዝኾነ ይግለጽ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል ኣብ ስታድዮም ኣስመራ
መረብ ሰቲት - ቲራቮሎ 2:00 ድ.ቀ
ዘራእትን ጥሪትን - ማይ ተመናይ 4:00 ድ.ቀ

**ላ’ሊጋ**

ሰቪያ - ቪያሪያል 10:30 ምሸት

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ፒኤስጂ - ሞንትፐሊር 9:45 ምሸት

**ቡንደስሊጋ**

ቦሩሽያ ሞንቸንግላባኽ - ባየር ለቨርኩሰን 9:30 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ህ/ሪ ቻይና፡ ዑደት ‘ዳላይ ላማ’ ትቃወም


ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ዳላይ ላማ፡ ብዘየኽሳ ይኹን ምኽንያት ዑደት ንኸካይድ ዝፍቀደት ሃገር ብትሪ ከምእትቃወም፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዝሓለፈ ሓሙስ ገሊጹ።

ቻይና እዚ ዝገለጸት፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ'ን ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስን ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ'ቲ ሃይማኖታዊ መራሒ ኣብ ኒውዮርክ ድሕሪ ምርኻቦም እዩ።

ኣቐዲማ ቻይና፡ ዝኾነት ሃገር ምስ'ቲ ወዲ 89 ዓመት ኣብ ስደት ዝነብር መንፈሳዊ መራሒ ቡድሂዝም ርክብ ከይተካይድ ክትሕብር ምጽናሓ ይፍለጥ።

በዚ ድማ፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ተሪር ተቓውሞታት ከምዘለዋ ዝገለጸ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ “ዳላይ ላማ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ፖለቲካዊ ምግንጻል ንጥፈታት ክዋፈር ኣይንፈቅደን ኢና” ኢሉ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ብፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ዝተፈረመ፡ ቻይና ንጠለባት ቲቤት ከተማልእን



ረቡሓታታ ክትሕሉን ዘሰገድድ ሕጊ፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝወጸ ሕጊ ዘለዋ ተሪር ተቓውሞታት ኣብ እዋኑ ምግላጻ ኣይርሰዐን።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ “ፍሉይ ኣተሓባባሪ ጉዳያት ቲቤት ምቛም ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ቻይና ምትእትታው'ዩ” ብምባል፡ ዘለዎ መርገጺ ኣነጺሩ።

ኣብ 1935 ዝተወልደ መበል 14 ‘ዳላይ ላማ’ ተግዚን ግያትሶ፡ ኣብ መጀመርታ 1959 ናዕቢ ቲቤት ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ብሓገዝ ትካል ስለያ ኣመሪካ (ሲኣይኤ) ካብ ቲቤት ሃዲሙ ናብ ህንዲ ከምዝኣተወ ይሕበር።

‘ዳላይ ላማ’፡ ካብ 1951 ንዘለፉ መንፈሳውያንን ፖለቲካውያንን መራሕቲ ቲቤት ዝወሃብ ዝነበረ መጸርዒ ምኳኑ ይንገር።

## ህንድን ጃፓንን ወተሃደራውን ጸጥታውን ስምምዕ ክቲመን

ህንድን ጃፓንን፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን ዝምድናኦን ንምሕያል ዘኽእል ስምምዕ ከምዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ዝተበጽሐ፡ ሚኒስተራት ምክልኻልን ጉዳያት ወጻኢን ክልቲኤን ሃገራት ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ኒው-ደልሂ - ህንዲ ኣብ ዘካየድኦ ርክብ እዩ።

ብመሰረት'ቲ ስምምዕ፡ ህንድን ጃፓንን ስሩዕ ወተሃደራዊ ምምኽኻርን ምልውዋጥ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂን ከካይዳ እየን።

እተን ሃገራት፡ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂ ክልዋወጣ ኣብ 2015 ከምእተረዳድኣ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ስምምዕ ተግባራዊ እንተኾይኑ ጃፓን ንፈለማ እዋን ነቲ ቴክኖሎጂ ንሰደድ ከተቕርቦ ምኳና የረድኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክልቲአን ሃገራት ዝኸተማኦ ጸጥታውን ወተሃደራውን ውዕላት፡ ንጸጥታ ዞባ ኢንዶ-ፓስፊክ ብኣሉታ ክጸልዎ ከምዝኽእል፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይእምቱ።

ህንድን ጃፓንን፡ ኣባላት ናይ'ቲ ብኣመሪካን ኣውስትራልያን ዝቖሙ፡ ኽጋስ ቻይና ንምግታእ ኣብ ኢንዶ-ፓስፊክ ዝቖመ ጸጥታዊ ምትእኽኻብ እየን።



## ባይቶ ኢራን፡ ሓዲሽ ካቢነ ሚኒስተራት ኣጽዲቑ

ኣባላት ባይቶ ኢራን፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ሓዲሽ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ማሱድ ፔዘሽኪያን ንዝመረጽዎም ካቢነ ሚኒስተራት ብወግዒ ከምዘጽደቑ ኣገልግሎት ዜና'ታ ሃገር ‘ኢርና’ ሓቢሩ።

ኣባላት ባይቶ ኢራን ድምጾም ዝሃቡ፡ ኣብ ርእሰከተማ ኢራን ጣህራን ኣብ ዝተኻየደ ክፉት ባይቶኣዊ ኣኼባ ኮይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ንሓሙሽተ መዓልታት ዝተኻየደ ዳግመ ግምት ብቐዓት እቶም ሕጹያት ምኳኑ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኣገልግሎት ዜና ኣመልኪቱ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኢርና፡ እቲ ሓዲሽ ካቢነ ሚኒስተራት 19 ኣባላት ዝሓቘፈ እዩ፡ ሓዲሽ ሚኒስተር ምክልኻል ዓዚዝ ናስርዛደህ ድማ ካብ ሓምሮቲ ኣካላት ኢራን ዝበዝሐ ደገፍ ዝረኸበ ኮይኑ፡ ካብ'ቲ 290 መናብር ዘለዎ ባይቶ ዝተረኸቡ 288 ኣባላት፡ 281 ደምጺ ረኺቡ።

ኣባላት ባይቶ ኢራን ቅድሚ ደምጺ ምሃቦም ፕረዚደንት ፔዘሽኪያን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣድላይነት ሃገራዊ ምርድዳእ ሓድነትን ምትሕግጋዝን ብምንጻር፡ መምርሕን ፖሊሲታትን ላዕለዋይ መራሒ ኢራን ዓሊ ካሚኒይ ክኽተል ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

ኩሎም እቶም ዝሓጸየም ሚኒስተራት፡ ናይ 20 ዓመታት ዕላማታት፡ ራእይን ሓፈሻዊ ፖሊሲታትን ናይ'ታ ሃገር ንምትግባርን ንምዕዋትን ክሰርሑ ቃለ መሓላ ከምዝኣተዉ ድማ ፕረዚደንት ፔዘሽኪያን ወሲኹ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፔዘሽኪያን፡ ዝርዝር ናይ'ቶም ዝሓጸየም ሚኒስተራት ብ11 ነሓሰ ናብ ባይቶ ኢራን ከምዘቕረበ ይዝከር።



## ባንግላድሽ - ርብዒ ሚልዮን ሰባት ተመዛቢሎም

መንግስቲ ባንግላደሽ፡ ብሓደጋ ዕልቕልቕ ተሃሰዩ ከምዝሎ ኣብ ዝገለጸ ደቡባውን ምብራቓውን ክፋል ሃገሩ፡ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ኣዋጅ ከምዝመሓላለፈ ተገሊጹ።

ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣሽሓት ኣባይቲ ከምዝዓነወን ልዕሊ ርብዒ ሚልዮን ሰባት ድማ ተመዛቢሎም ከምዘለዉ፡ ሰበ መዚ ባንግላደሽ ሓቢሮም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ዕልቕልቕ ኣሰታት ክልተ ሚልዮን ዜጋታት'ታ ሃገር ተጸልዮም ምህላዎም ዝገለጸ መንግስቲ፡ ንምርድኦም ዝቖየድ ጻዕሪ ክሕይል ኣዚዙ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ግዳያት ንምሕጋዝ፡ ኣባላት ሰራዊት፡ ሓይልታት ጸጥታን ፖሊስን ክዋፈር መምርሒ ሂቡ ኣሎ።

እቲ ዕልቕልቕ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዝተኸሰተ ተመሳሳሊ ሓደጋታት፡ እቲ ዝሓየለ ምኳኑ'ዩም ጸብጻባት ዝጠቐሱ።

ባንግላደሽ፡ ብሰዕቤናት ክሊማዊ ምምዝባል፡ ብቐንዱ ድማ ብሓደጋታት ዕልቕልቕ ብተደጋጋሚ ካብ ዝጥቃዓ ሃገራት ኤስያ ምኳና'ዩ ዝሕበር።



## ህንዲ - ብሓደጋ ባርዕ ብውሕዱ 17 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ህንዲ ግዝኣት ኣንድራ ፕረደሽ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ትካል ምፍራይ መድሃኒት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዝተፈጥረ ሓደጋ ባርዕ ብውሕዱ 17 ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣሰታት 40 ካልኦት ቆሲሎም ብምህላዎም፡ ቍጽሪ ምውታት ክይወሰኽ ተሰጊኡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ'ታ ግዝኣት ካብ ዝተራእዩ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት ዝኸፍኣ ምኳኑ ዝግለጽ ዘሎ ሓደጋ፡ ኣብ 16 ሄክታር ዝስፍሓቱ ‘ኢስንሺያ ኣድቫንስድ ሳይንስስ’ ዝተባህለ ብውልቂ ዝውሃን ትካል እዩ ኣጋጢሙ።

እቲ ትካል፡ ነቲ ሓደጋ ኣመልኪቱ ብሰበስልጣን እታ ሃገር ንዝቐረበሉ ሕቶ ብቐጽበት መልሲ ኣይሃበን ኣሎ።

ይኹን'ምበር፡ ፖሊስ'ታ ሃገር ዘካየዶ ኣፈናዊ መርመራታት ከምዝመልከቶ፡ ኣብ'ቲ ትካል ላሕኩ ኑዩዲ ብምምጣሙ ዝተፈጥረ ከሚካላዊ ምውህሃድ ነቲ ሓደጋ ከምዘኸተሎ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ'ቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ኣብ ተመሳሳሊ ዕማም ኣብ ልዕሊ ዝጥፍ ትካል ብዝተኸሰተ ባርዕ ክልተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ሓሙሽተ ካልኦት ከኣ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም ይዝከር።

‘ፋርማሲ ዓለም’ ተባሂላ እትፍለጥ ህንዲ፡ መድሃኒታት ዘፍርያ ሓያሎ ትካላት ከምዘለዋ ይፍለጥ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሪሃዋ | 23/08/2024 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565